# ጋዜጣዊ መግለጺ

ኣብቲ 8 መጋብት ዝተገብረ ስሩዕ ኣኼባ ሽማግለ መኸተ፣ ኣባላት ባይቶ መኸተን ፣መራሕቲ ኮማውያን ማሕበውራትን ከምኡ'ውን ወከልቲ ውዳቤታት ኤርትራውያን ዝተረኽብሉ ኣኼባ፣ ህዝቢ ነቲ ባይቶ ሽወደን ኣብ ልዕሊ መሰላት ኤርትራውያን/ሽወደናውያንን ኤርትራን ዝኣልሞ ዘሎ ተንኩላት ብሰፊሕ ድሕሪ ምምይያጥ ሓባራዊ ጋዜጣዊ መግለጺ ከውጽእ ተሰማሚዑ ።

ብመጀመርያ ንኩሎም ሰለ'ዛ ሓላል መሬት ክብሉ ሂወቶም ሰዊኦም ኣብ ነጻነት ዘብቅዑና ስዉኣትና እናሞገስና ! ነቲ ሰማእታትና ብስራሕ ይደበሱ! ዝብል መደብ ዳግመ ህንጻ ህዝቢ ኤርትራ ድጋፉና ነረጋግጽ፡ ብምባል መግለጺኡ ኣዳልዩ ::

ማእከል ስትራተጂ ዕብየት ኤርትራ: ሓራ ልምዓት ኣብ ሓራ መሬት! ኣብ ትሕቲ ዝብል ጽኑዕ መትከል ዝተመስረተ'ዩ:: እዚ ብቃልዕ እንዋሰኣሉ ዘሎና ጻልጣ ግብራዊ ሓሳብ: ዘሐብን'ምበር ዘሰክፍ ኣይኮነን: ፍረ-ጻማ ስራሕና ድማ እነሆ ድርኩኺት መሰረታዊ ለውጢ የግህድ ኣሎ :: ስለዝኾነ : ብዘይምጥርጣር ስራሕ ንለውጢ ብደሆ ንጸቕጢ ዝብል ጎደና ኣጽኒዕና ኣሎና :: ምስ ፍሉይ ኩነታት ሃገርና ዝኸይድ መደባት'ምበር ምእንቲ ባህታ ደለይቱ ኣብ ዘይግዚኡ ንካልኦት ኣይንመስልን:: ከምቲ ክሓልፈልና እጽዕሮ ግን ሕሰም ካልኦት ኣይንምነን ጥራይ ዘይኮነስ ንሓባራዊ ሽርክነትን ምክብባር ዝሕመረቱ ዝምድና ክንምስርት ወትሩ ድልዋት ኢና።

ተጻብኦታት ኣንጻር ኤርትራ ካበይ ይብገሱ? ስለምንታይ? ኤርትራን ህዝባን ዝላደየሉ ስለዝኾነ ጋሻ ነገር ኣይኮነን :: ኩሎም ክፋኣት ህያባት ጸላእትና ጥዒምናዮም:: ንዓመታት ዝተመኾረ ሕሰም፣ ድኽነትን ኩናትን ጎስጓስ ጸለመን ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባዊ ዲፕሎማስያውን ጸጥታውን ከበባን ሽርሒታት ስግርዶብ… ወዘተ ተጻዊርና ወነንቲ ራእይና ብምኻን ንቕድሚት ዘሰጉመና ምስጢር ሓይሊ ጽርየት መስመርና ሕድሪ ሰማእታትና ስለዘጽናዕና ጥራይ'ዩ:: ኣንጻር ኤርትራ ዝተነዝሐ ጸለመ ሓቅነት እንተዝነብሮ ህልዊ ምስልና ካልእ ምኾነ:: ኤርትራውያን ኣብ ካልእ ዋኒን ኢና ዘሎና፡ ቋንቋና ልምዓት'ዩ! ጸለመን ፕሮፖጋንዳን ኣንጻር ቅዱስ መስመርና ሰለ ዝኾነ ኣብ አእምሮና ቦታ የብሉን :: ሕሰም ሰንሰለታዊ መግዛእትን ስምብራቱ ክንቀርፍ ኣብ ጎደና ቁጠባዊ ሓርነት : ሓራ ልምዓት ኣብ ሓራ መሬት! ተጸሚድና ምስ ግዜ ንቀዳደም ኣሎና :: ምልኣት ማሕበራዊ ፍትሒ ብህዝቢ ንህዝቢ ክነረጋግጽ ንምርሽ ኣሎና ::

ኤርትራ ከም ሃገር ተጠማቲት ካብ ኮነት.: ኤርትራዊ ሃገራውነት ብመንጽሩ፣ ተሪር እምነት: ሓያል ግብሪ: ነዊሕ ጉዕዞ ምስ ተሪር ጽንዓት ዝሓተት'ምበር ብኩንትራት ዝተሓዝ ሪም ኣይኮነን:: ሃገርን ሃገራውነትን ክዉን ንምግባር ኣብ ዝተሰግረ መድረኻት ታሪኽና : እዛ ጌና ጉዕዞኣ ዘየቋረጸት ባቡር ተሰኪማቶ ዘላ ሓቀኛ ምስጢር ነባሪ ሰነድ'ዩ፡: ሃገር ናይ ኩሉ'ያ፡ ማዕረ ዘይምውሳእ ምናልባት ጋሻ ባህርያት ኣይከውንን :: ንረብሓ ኩሉ ብምኽሓድ ንህላወ ህዝብን ዕብየት ሃገር ዝጻባእ ግን ከዳዕን ዕሱብ ዑሱባትን'ዩ: ኣገልጋሊ ጸላእቲ ሃገር'ዩ:: ኣብቲ ጀማሪ ደረጃ ታሪኽ ቃልስና'ወን እንተኾነ ሓይልና ብሓድነትናን ንቕሓትናን'ዩ ተረጋጊጹ :: ሓድነት: ብቦታን ግዜን ሰለዘይጋረድ ዝኾነ ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ : ብግብርን መፈስን ተወሃሂዱ ሰሪሑ ዝተዓወሉ'ዩ::

ስለዝኾነ ምትእስሳር ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ስደትን ዝነብሩ ዜጋታት ሓደ ካብ ዓበይቲ ሃገራዊ መደባት ኤርትራ'ዩ :: እዚ እናተተኻኸአ ዝቕጽል ዘሎ ባህሊ ክንዩ'ቲ ተጻባእቱ ዝርደኦምን ዝግምትዎን ሱር ዝሰደደ ሓይሊ ኣለዎ :: ነገራዊ ሓይሊ ብቀሊል ክስፈር ወይ ክምንዛዕ ይኽእል ይኸውን:: ኣብ ርጉእ ኣእምሮ ዘሎ ረቂቕ ሓይሊ ግን ኣብ ውሽጢ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ዘይቅየር ዋንነቱ ዘረጋገጸ'ዩ:: ምናልባት ካብ መንነቶም ዝሸጡ ሰባት :: ኤርትራ እተመዝግቦ ዘላ ዕብየት ንድሕሪት ዝምለስ ኣይኮነን :: ኩሉ ምዕባሌታት ሃገርና ከም'ቲ ተጻባእቲ ዝብልዎ ብሓይልን ኣስገዳድን ዘይኮነስ ሳላ ንቑሕ ኣእምሮ ተወፋይነት ህዝቢ ኤርትራ ዝተረጋገጸን ዝረጋገጽ ዘሎ ዓጋቲ ዘይብሉ ህዝባዊ ማዕበል ምዃኑ ክስተውዕሉ ይግባእ::

ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ኣባላት ፓርላማ ሽወደን ማለት justitsutskottet ኣብ'ቲ ናይ ዕለት 23 ለካቲት ኣኼበኦም፡ ነቲ ብኢትዮጵያን ሰበስልጣን ኣሜሪካ ዝተበገሰ ግህሰት ዓለማዊ ሕግን : ግህሰት መሰል ሃገርናን ብምድማቕ ንወጹእ ጻሕዳ ሓሶት ሪፖርት ኮሚሽን እገዳ ተቐቢሎም፡: ኣብ ክንዲ ዘይተጻረየ ጉዳያት ንኽጻረ ምቕላስ : ንመሰረት ኣልቦ ጸለመ ኮሚተ እገዳ ከም ዘለዎ ምቕባል፡ ዘይፍትሓዊ\ዩ፡ ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጻረር፡ ኣዕናውን ዓማጽን ኮይኑ ምርዓም ትእዛዛት ሰበስልጣን ኣሜሪካ ኢዩ። ንሓንቲ ኣበር ዘይብላ፡ ተወሪራ ዘላ ድኻ ኣባል ውድብ ሕቡራት ዝኾነት ሃገር ብምርጋጽ: መዳምቕቲ ሰብ ረብሓ ብምኻን እገዳ ክጸድቕ ምድጋፍ ናይ ገበን ገበን ምዃኑ እናረጋገጽና : እገዳ ቁጽሪ 1907-2009 ከምኡ"ውን 2023/2011 ዘይፍትሓዊ ብይን ባይቶ ጸጥታ ብትሪ ንኹንኖ ::

ክፍሊት 2% ብኣዋጅ ቁጽሪ 67/1995 ዝጸደቐ መሕወይ ግብሪ ኢዩ። ብመሰረቱ ድማ ክፍሊት 2% ንኤርትራን ህዝባን ዝምልከት ጉዳይ ኮይኑ : ንዝኾንነ ይኹን ናይ ደገ ምትእትታው ዘየፍቅድ ሃገራዊ ሕጊ ስለ ዝኾነ ናይ ምንካይን ምውሳክን መሰል ንኤርትራን ንኤርትራውያን ጥራይ ከምዝምልከት ክነረድእ ንፈቱ :: ምኽፋል 2% ይኹን ምስ ሃገርካ ምትኣስሳር ህዝባዊ ግቡእን መሰልን ስለ ዝኾነ: ኤርትራ ግብሪ ካብ ህዝባ ክትእከብ : ህዝባ ድማ ግቡኣትናን ግዴታትና ክንከፍል መሰልና ሰለ ዝኾነ; መንግስቲ ሽወደን ነዚ

ሕጋዊ መስርሕ ምኽፋል ግብሪ ክዓግት መሰል የብሉን በሃልቲ ኢና:: ስለዚ እዚ ውዱቕ እማመ (motion) Fredrik Malm (FP), Hillevi Larsson (S) och Arhe Hamednaca ... ግህሰት ሕጊ ሓንቲ ልኡላዊት ሃገርን ህዝባን ኮይኑ፣ ካብ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባውን ወራር ምኻን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ስለ ዘይብሉ :: መንግስቲ ሽወደን ኣብ ክንዲ ነቲ ዝሓለፈ ጸሊም ታሪኹ ክድምቕ ዝፍትን: ንሕሉፍ በደላቱ ነቒፉ ኣብ ንክልቲኤን ሃገራትን ህዝብታትን ዘርብሕ ሚዛናዊ ዝምድናታት ክሰርሕ ንጽውዕ::

በዚ ኣጋጣሚ፣ መንግስቲ ሽወደን ኣብ ክንዲ ደድሕሪ ዓመጽን ፈጠራርታት ርእሰ ሓያለን ምጉያይ : ነቲ ብዶብ ዝምኽነ ሂወት ዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቐዘፈ ውግእ ኤርትራን ኢትዮጵያን: ኣቓልቦ ሂቡ ንወሳንን ቀያድን ብይን ሃግ  ክትግበረሉ ዝኽእል መስርሕ ክፈጥር ንጽውዕ። ነቲ ሕጋዊ መደምደምታ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝተሓሰመ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብምንቃፍ፣ ምእዙዝነት ዓለምለኻዊ ሕግታት ክረጋገጽ ኪሰርሕ ይግባእ።

ኣብ መደምደምታ፣ ንሓያል ተወፋይነትን ዕዙዝ ኣብርክቶ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ እናሞጎስና : ከም ኩሎም ዝሓለፉ ብድሆታት ብረታዊ ቃልስና: ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ንኩሉ እንተታትን ምትእትታው ጣልቃ ሽወደን ብትሪ ንኹንን። ወነንቲ ክብርና፣ መሰላትናን ሕርያናን ባዕልና ስለዝኾንና ሓድነትና ብምትራር: መኸተ ንኹሎም ተጻብኦታት::

ሰማእታትና ብስራሕ እደበሱ !

ዓወት ንሓፋሽ!

ህዝባዊ መኸተ!